ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ፋይናንስን ንኣብያት ፅሕፈት ግልጋሎት ዝዉዕል ኣቅሑት መሳርሒ ፅሕፈት ፡ኣቅሑት ሕትመት ፡ ኣቅሑት ፅሬት ፡ ዕጥቅ ስፖርት ፡ ጎማ መኪና ፡ ናይ ሞትር ሳይክል፡ ናይ ኤሌከትሮኒክስ ካብ ሕጋዊያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጥቅምቲ 12, 2017 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 21, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:መሳርሒ ፅሕፈት 10000 ፡ኣቅሑት ሕትመት 2000 ፡ ኣቅሑት ፅሬት 2000 ፡ ዕጥቅ ስፖርት 1000 ፡ ጎማ መኪና 5000 ፡ ናይ ሞትር ሳይክል 5000፡ ናይ ኤሌከትሮኒክስ 5000
- ቦታ:ወረዳ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 21, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ ዕድጊት ሞተርሳይክል/

1 ናይ 2016 ን 2017 ዓም ግብሪ ከፊሎም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ከቅርቡ ዝክእል

2 መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ማለት እዉን ቲን ናምበር ዝተሐደሰ ናይ ምቅረባንይነት ሰርተፊኬት ቅዳሕ ከቅርበ ዝክእል

3 ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገቡባት ዝኮንኩም ናይ ወርሒ ነሐሰ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዲክለር ዝገበረ ከምእዉን መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

4 ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 100 ቅርሺ እናከፈልኩም ካብ ወረዳ ላዕላይ ቆራሮ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ፋይናንስን ቢሮ ቁፅሪ 4 ክትወስዱ እትክእሉ

5 ተወዳደርቲ ንነብስወከፍ ዓይነት ጨረታ መከበሪ ጨረታ መሳርሒ ፅሕፈት 10000 ፡ኣቅሑት ሕትመት 2000 ፡ ኣቅሑት ፅሬት 2000 ፡ ዕጥቅ ስፖርት 1000 ፡ ጎማ መኪና 5000 ፡ ናይ ሞትር ሳይክል 5000፡ ናይ ኤሌከትሮኒክስ 5000 ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዝ ዝክእል

6 ጨረታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ካብ 5/2/2017 ዓም ክሳብ 21/2/2017 ዓም ኮይኑ 21/2/2017 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊያን ወከልቶም ኣብ ዝተረከበሉ ይክፈት

7 ሰዓራይ ኣካል ምስዓሩ ካብ ዝተረጋፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ብምእሳር ነቲ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መገዓዝያ ከቅርብ ዝክእል

8 እቲ ቤት ፅሕፈት 20 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክ ወይ ምቅናስ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

9 ሰዓራይ ተጫራቲ ናይ ዝሰዓሮ ንብረት ጠቅላላ ዋጋ 10 መእታዊ ብስፒኦ ዉዕሊ መከበሪ ከትሕዝ ዝክእል

10 ሰነድ ጨረታ ዋና ኣብ ሐደ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ዝባን እቲ ፖስታ ዝጫረትዉ ዓይነት ጨረታ ናይ ተጫራታይ ሽምን ፊርማን ማህተምን ገይሮም ዘቅርብኣብ ነብሰ ወከፍ ሰነድ ጨረታ ማህተምን ፊርማን ክገብርሉ አለዎም

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ስርዝ ድልዝ ሃልዎ ዘይተፈረመሉ ሰነድ ጨረታ ዘቅርብ ተወዳዳራይ ተቀባልነት የብሉን

12 ናይ ዕጥቂ ስፖርት መሳርሒ ሕትመት ኣቅሑት ፅሬትን እትወዳደሩ ተወዳደርቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘይተመዝገብኩም ክትሳተፉ ትከእሉ ኢኩም

13 ንመሳርሒ ፅሕፈት ጎማ መኪና ኤልክትሮኒክስ ትወዳደሩ ተወዳደርቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝጉባት ጥራሕ ክትኮኑ ኢኩም

14 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0943668925 / 0914388160

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle